# ሃገር ናይ ኩልናን ኩልና እንቕበሎ
# ሕጊ ክህልዋ ዘለዋን ኢያ።

ክቡራት ኤርትራውያን ከመይ ቀኒኹም ፣ ልባዊ ሰላምታይ ድማ ንኹልኹም ፣ ኣብዚ እዋን እዚ፣ ዝኾነ ብምኽንያት ናይ ዘለና ሽግር ብኤርትራውያን ዝቐርብ ጹሑፋት፣ ካብ ዘሎና ሽግር ንምግልጋል ወይ ምልቓቕ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ ካብ ዝብል ዝብገስ ኢዩ። እቲ ክርከብ ዝድለ ፍታሕ ካኣ ንኽልና ስለ ዝኾነ፣ ኩሉ በበታ ዘላቶ ዓቕሚ ሓሳብ ክልግስ ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ሃገርና ካብ ኩልና ፍታሕ ትጽበ ኣላ፣ ንሽግርና ንምፍታሕ ዘገልግል ሓሳብ ድማ ካብ ኩልና ኢዩ ክርከብ ዝኽእል፣ ሃገር ብሓሳብ ነበርታ ኢያ ትነብር።

ንሕና ኤርትራውያን ኩልና ክንሰማማዓሉ እንኽእል መገድታት ሃሰስ ኢልና፣ ብምጽውዋር ኣብ ሓደ ፍታሕ እንተ በጺሕና ድሕሪኡ ሽግር ዝብሃል ክህልወና ከምዘይክእል ንኹልና ብሩህ ክኸውን ኣለዎ፣ ስለ'ዚ እቲ ፍታሕ ኣብ ርእስና ኢዩ ዘሎ፣ ስለ'ዚ እቲ ርእስና ኩሉ ንኽፈቶ ግልህ ነብሎ ኣብ ውሽጡ ኩሉ መፋትሕ ኣሎ።

እቲ ናይ ዘለና ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዝዕንቅፍ ወይ ዘሽግር ዘሎ ኣብ ዘይምስምማዕና ዝተሓጽረ ኢዩ፣ ስለ'ዚ ስምምዕና ስቓይ ህዝብና ኣብ ምሕጻርን ንሃገራዊ ሽግርና ኣብ ጽቡቕ ምዓልቦ ናይ ምብጻሕን ተራ ከም ዘለዎ ብምርዳእ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ የድሊ ኣሎ። ዝካየድ ዘሎ ሓርነታዊ ቃልሲ ካኣ ዘይሩ ዘይሩ ንኹልና ሓደ ዓይነት ተረድኦ ሃልዩና ኣብ ፍታሕ ንምብጻሕ ዝዓለመ ስራሕ ክንሰርሕ ዝብል ሓሳብ ዘጠቓለለ ኢዩ፣ እዚ ንኽንገብር ግን ብቐዳምነት ናይ ኩልና ኣራኣእያ ኣብ ሓደ ናይ ምምጻእ ጻዕሪ ዝሓትት ኢዩ፣ ሓደ ኣራኣእያ ምስ ሃለወና ካኣ ኩሉ እቲ ሽግር ንምፍትሑ ጊዜ ኣይክወስድን ኢዩ።

ንዘሎ ሽግር ወጊድካ ሰላም ትረኽበሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ዝሕተት ካኣ ብቐዳምነት ምጽውዋር ኢዩ፣ ኣብ ከም'ዚ መግለጺ ዘይርከቦ ህልው ኩነታትናን፣ ዝተሓላለኸ ጉዕዞ ቃልስናን፣ እቲ ምጽውዋር ብቀረባ ኣብ እቲ ዝድለ ደረጅኡ ክበጽሕ ዝክኣል ከምዘይኮነ ፍሉጥ እኳ እንተኾነ። ብዝኾነ መልክዕ ሓደ ንኹልና ኣሳሪ ዝኾነ ኣገባብ ክንደሊ ግን፣ ግድን ይኸውን፣ እዚ ኣብ ከም ህልው ኩነታትና ዋዓል ሕደር ዘየድልዮን፣እቲ ከቃላጥፎ ይኽእል ኢዩ ዝብሃል ስጉምቲ ክንወስደሉን ኢዩ ዝግባእ። ንሕና ኤርትራውያን ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታትና ክሒድና ብሓሶት ሓድነት ከም ዘለና፣ ክንመስል ስለ ንደሊ፣ ቃልስና ንኽጸሪ ቀሊል ከም ዘይኮነ ብብሩህ ክርድኣና ኣለዎ።

ቃልሲ ንኽጸሪ ብብልሒ ምስቶም ዘይመስሉኻ ክትፈላለ እሞ ነቲ ኣብ ኣንጻርካ ዘሎ ዝኽተሎ መገድን፣ ንስኻ ሂዝካዮ ዘለኻ መገድን ህዝቢ ፈላልዩ ክርእዮን ነቲ ንጹርን ቅኑዕን ኮይኑ ዝተራእዮ መገዲ ክሕዝን ከም ዘለዎ ምግባር ኢዩ ፣ እንተዘየለ እቲ ቃልሲ ፣ ስዓርን ተሳዓርን ከተለልየሉ ዘይትኽእልን፣ ኣንፈቱ ዘይፍለጥን፣ ሓደገኛ መወዳእታ ዘለዎን ኢዩ ዝኸውን።

ምኽንያቱ ቃልሲ ኢዩ ንህዝቢ ንቑኑዕ መስመር ንምልላይ ዘብቅዖ፣ ዒብን ከይብሉንን ዝብሃል ኣብ ተለዊጡ ኣይተለዊጡ ዘምጽኣለይ ጉድኣት ይብሉን ኣብ እትብሎ ኩነታት ጥራይ ኢዩ ቦታ ዘለዎ፣ ኣብ ዕላማ ግን ቦትኡ ከም ዘይኮነ ክንፈልጦን ፈሊና ክንርእዮን ኣለና። በዛ ዘይንጽርቲ መገዲ ካኣ ተጎዲእና ኢና ህዝባዊ ግንባር መርገጹ ኣብ ምንጻር ሓንጊዱ ዝነበረን፣ ንማንም ዜጋ ይኹን ወዲ ወጻኢ ክርኣዮ ዝኽእል ንጹር ኣካይዳ ከም ዘይነበሮን ኩልና ንዝክሮ ሓቂ'ዩ ይመስለኒ ሓደገኛኣነት ናይቲ ዘይንጹር ጉዕዞ ምስተጋህደ ንረኽቦ ዘለና ካኣ ብሩህ ኢዩ፣ ስለ'ዚ ጉዕዞኡ ናበይ ከም ዘብል ዘይትፈልጦን ውጺኢቱ ዘይትግምግሞን ኣገባብ ቃልሲ ኩሉሻዕ ጎዳኢ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

ሓደ ህዝቢ ታኣሳሲሩ፣ ኣብ ሃገሩን ኣብ ሕብረተ ሰቡን ክኸውን ዘለዎ እንተፈሊጡ ካኣ፣ ሓቢሩ በቲ ንሱ ዝደልዮ ሕግን ስርዓትን ክግዛእ ከም ዘለዎ ኣብ ምግባር፣ ብቑዕ ዓቕሚ ስለ ዘጥሪ ዝኾነ ኣካል ከም ድላዩ ጌሩ ክገዝኦ ኣይክእልን ኢዩ፣ ስለ'ዚ ሓቢርካ ንጹር መገዲ ተታሒዙዶ ኣሎ ወይስ ኣይኮነን ከተራጋግጽ ግድነት ናይ ተቓላሳይ ኢዩ።

*በቲ ዘጥረየ ዓቕሚ ኣብ ዝኾነ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ንጹር ሕቶ ኣብ ምልዓልን ምስ ህዝቡ ስምር ኢሉ ኣንጻር እቲ ግጉይ ተግባር ናይቶም ክጸቕጥዎ ዝደልዩ ኣካላት ብሓባር ኮይኑ ኣንጻር ተግባራቶም ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ተኽእሎ ስለ ዝህልዎ፣ ከምዚ ዝበለ ንቑሕ ተቓላሳይ ኣብ ቀጻሊ መግዛእቲ ናይ ዓመጽቲ ከምዘይነብር ፍሉጥ ኢዩ።*

ስለ'ዚ እምብኣር ኣብቲ ኩልና የድሊ ኢዩ ዝበልናዮ መፍትሒ ንኽን በጽሕ፣ ከምቲ ናይ ኣቦታትና ተኻባቢርና እቲ ኩሉ ዝጠፍኣና ንምምላ ስ፣ ዕቱብ ጻዕሪ ከነካይድ ኣለናን ንነካይዶ ቃልሲ ርትዓውነቱ ናይ ምልላይ ክእለት ክነጥሪን ብኸምኡ ክንቃለስን ይግብኣና። ህዝቢ ኤርትራ ሕጊ ተኸቲሉን ተኸባቢሩን ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኢዩ፣ እዚ ክቡር ባህሊ'ዚ ምስ ጠፍኤ ድማ ኩሉ ጽቡቕ ዘበለ ካብ ሞንጎና ጠፊኡ ኣሎ፣ ስለ'ዚ እቲ ክቡር ባህልናን ኩሉ ንመሰላትናን ንህላውየናን ዝፈታተን ኣካይዳ ንምዕጋት ክንቃለስ እንተኾይኑ ኩሉ ዘድሊ ኣፍልቶ ክህልወና ይግባእ።

ኣቦታትና ንዝበደለ ብኻሕሳ፣ ንዝቐተለ ካኣ ብጋር እናዳቐሱ ብሕጊ፣ ከይተበዳደሉን ከይተቓታተሉን ክነባበሩ ንመዋእል ኔሮም'ዮም፣ ጥዑይ ባህልን ሕግታትን'ውን ኣውሪሶምና ሓሊፎም ኢዮም።

ይኹን እምበር እዚ ኩሉ ሎሚ ንወረ ኮይኑ ተሪፉ ኢዩ፣ ከም ኤርትራ ውያን፣ እንምካሓሉ ይኹን ካብ ዘለና ሽግር ንምግልጋል ክሕግዝ ዝኽ እል፣ መፍትሒ ኣብ ምርካብ ዝድለ ተኽእሎ ስለዝጎደለ ኣብ ዕንክሊል ንርከብን ንነብርን ኣለና። ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ገዛእቲን በዚ ካብ ባዕዳውያን ዘይፍለ ባህሪ ዘለዎ፣ ፈላሊኻ ግዛእ ዝምሕደርኡ ስርዓትን ተበቲኑ ኢዩ ዘሎ፣ ኣብ ሞንጉኡ ስምምዕ ዝብሃል ጠፊኡ ኢዩ ዘሎ። ሕድሕዳዊ ምጥርጣራት ስለ ዝዓብለሎ ድማ ንረብሕኡ ዝኸውን ውሳኒ ሓሳባትን ሜላን ረኺቡ፣ ቅሱን ሂወት ከም ዘሕልፍን ርግእቲ ሃገር ከም ትህልዎን ምግባር ተሳኢኑዎ ኣብ ሕማቕ ኩነታት'ዩ ዝርከብ ዘሎ፣ እዚ ኩነታት እዚ ድማ ንሕልና ዘለዎ ዘደቅስ ኩነታት ኣይኮነን። እቲ ዝኸፍኤ ደማ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝሞተ ከም ዝሞቶ ዝተበደለ ከም ዝተበደሎ ዝኸይድን፣ ሂወት ኤርትራዊ ክብሪ ስኢና፣ ዋጋ ዘይብላን ሚዛና ካብ ሚዛን ጨርቂ ትፈኩስ ኮይናን እናሃለወት ፣ ብሂወት ዘሎ ኤርትራዊ ክጽመሞ ዝካኣል ኩነት ኣይኮነን። ኣብ ከም'ዚ ናትና ኩነታት ከለኻ፣ ኣብ ክንዲ ነቲ ጸገም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ንምፍትሑ ዘድሊ ነገራት ትገብር ኣብ ኣድላይነት ዘይብሉ ውረድ ደይብ ኣቲኻ ክትዋጠጥ ዘገርምን ዘንዕቕን ኢዩ። ሎሚ ክግበር ዝግብኦ ካብ ተሞክሮኻ ተማሂርካ ነዚ ዘሎ ስርዓት ኣብ ምውዳቕ ጥራይ ጻዕሪ ብምክያድ፣ ህዝብን ሃገርብ ኣብ ምድሓን ጥራይ ዘትኮረ ስራሕ ወይ ቃልሲ ክተካይድ ጥራይ ኢዩ ዝግባእ።

ሎሚ ኣብ ህልኽ ዝተመስረተን መን ንመን ኣውዲቑ ሓለፈን ዝዓይነቱ ቃልሲ ክካየድ ክትርእን ክትሰምዕን ከለኻ ብሓቂ ተስፋ ኣብ ምቍራጽ ዘብጽሕን ኣብ ዝኾነ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ተራእዩ ዘይፈልጥን ኣገባብ ኣቀላልሳ ኢዩ። ኣብዚ ንህዝቢ ኤርትራ ሓንቲ ከማሓላልፈሉ ዘደሊ መልእኽቲ እንተ ኣልዩ፣ ኩልና ኢድና ንሓውስ፣ ንዓ ንመሰልካ ተበገስ፣ ንቓልሲ ባዕልኻ ተታሓሓዞ እቲ ኩሉ ኣብ ሃገርካ ክሰፍን እትደልዮ ነገራት፣ ከምቲ እትደልዮ ምእንቲ ክኾነልካ ጥራይ ኢየ ዝብል።

ኣብ ዓለም ደቂ ሰብ ሽግሮም እናኸበደ ኣብ ዝኸደሉ ገለ ንምፍትሑ ዝኸውን ብልሓትን ጥበብን እናማሃዙ ኢዮም ኣብ'ዚ ሕጂ በጺሖምዎ ዘለው ምዕባለን ብጥጡሕ መነባብሮ ዝተሰነየ ሰላምን በጺሖም ዘለው፣ ንሕና ካኣ ሓደ ኰንና ሽግርና ፈቲሕና ንኦኦም ንምሰል። ክቡራት ኣሕዋት ኤርትራውያን ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኤርትራዊ ካብ ገዛ ምስ ወፈረ ናብ ኣራዊት ዘለውዎ ህልም ዝበለ ዱር ከምዝወፈረ ክምለስ ድዩ ወይስ ብኡ ኣቢሉ በቶም ኣብቲ ዱር ዘለው እንስሳታት ተበሊዑ ክተርፍ ኢዩ ኣብ ዘይትፈልጠሉ ዝመስልን ክርድኣካ ዘይክእልን ኩነት ኢዩ ኣብ ህዝብና በጺሑ ዘሎ።

ከምኡ ስለ ዝኾነ ኣብ ሃገርና ሎሚ ኣደ ወዳ ምስ ወፈረ፣ ሰበይቲ ካኣ ሰብኣያ ምስ ወፈረ ከብደን ሓቍፈን ብፍርሒ ተዋሒጠን ኣብ ምህልላ ኢየን ዝውዕላ ዘለዋ። እቲ ኩነታት ከምኡ ስለ ዝኾነ ሃገርና ሰብ ካብ ክነብረላ ፣ ክሃድመላ ዝምረጽን፣ መፈጠርካ ተጽልእን ኮይና ኣላ፣ ኩሎም መንእሰያትና ካኣ ሃገር ከምኡ ምስ ኮነቶም እምበር ካብ ባዶ ተሲኦም ኣይኮኑን፣ እታ ዝፈትውዋ ሃገሮም ጠንጢኖም፣ ዓይኖም ታዓሚቶም፣ኣብ ሞንጎ ሞትን ሂወትን ንዘሎ ኩነታት ሰጊሮም ዝጠፍኡ ዘለው።
ካብኡ ንምድሓን ኣብ ክንዲ ብሓባር ፈውሲ ምድላይ ንኣቱ ግን ከም ሕሱም ተጻሊእና እቲ መፍትሒ ዘይርኣየና ድፉናት ኰንና ኣለና እቲ ዝገርም ካኣ ካብዞም ኣራዊት ንምድሓን ፣ ተኣኪብናንን ኣሎ ዝብሃል ብልሓት ፈጢርናን ሰብ ክነብራ ዝኽእል ሃገር ኣብ ምግባር ስምር ክንብል ዘይምኽኣልና ኢዩ።
ኤርትራውያን ኩልና እንሳማማዓሉን፣ ንኹልና ክሳማማዕ ዝኽእልን፣ ሕጊታት ሃሰስ ኢልናን፣ ብምጽውዋር ዘቲናን፣ ንኹልና ብሓባር ዘርብሕ ሕጊ ምስ እንገብር ኩሉ ሽግርና መወዳእታ ረኺቡ ማለት ኢዩ፣ ስኣን እዚ ፈሊጥና ከምኡ ምግባር ግን ጌና ብዘይ ገለ ፍታሕ ኣብ ሽንኮለል ንነብር ኣለና።
ፋሕፋሕ የብለና ንዘሎ ምኽንያትት ፈሊጥና መታን ብሓንሳእ ኰንና መፍትሒ ሃሰስ ክንብለሉ ግን፣ ኣብ ዘዘለናዮ ሃገራት ኮንና ንሕሉፍን ንህልውን ጉዕዞና ኣብ ምምዛን ተጸሚድና ንቓልሲ ኩሉ ህዝቢ ብሓባር ኢድ ንኢድ ተታሓሒዙን ተጠሚሩን፣ ኣብ ዓወት ከም ዝበጽሕ ኣብ ምግባር ብትሪ ክንሰርሕ ኢዩ ዘለና።
ከዔውተና ዝኽእል ካኣ፣ ብመጀመርታ እቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ነቶም ኩሎም ማለት ነቶም ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ዘቐስንን ራህዋን ሰላምን ዘምጽእን ክኸውን ከም ዘለዎ ኣብ ምግባር ዝዓለመ መፍትሒ ምፍታሽ፣ ኣትኪልካ ድማ ስልኡ ምስራሕ፣ ኢዩ ዘድሊ።
ሃገራዊ ዋዕላ ከም ኣምር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዓለም ፍቱን መድሃኒት ናይ ሰላም እናኾነ ይመጽእ ስለዘሎ ንሕና ውን ንኣታገባብርኡ ኣብ ምጽናዕ ኣቲና እቲ ናይ መወዳእታ መፍትሒ ሽግርና ንምግባሩ ጻዕሪ ከነካይድን ኣብ ኣተገባብርኡ ፍልልይ ንኸይህልወና ክንጽዕርን ከም ዘለና ርዱእ ክኸውን ኣለዎ።
ሃገራዊ ዋዕላ ምንም እኳ ክሳዕ ሕጂ ህዝብና ኩሉ ተሳትፎኡ ኣብ ቃልሲ ብትእዛዝ ናይቶም ንመርሓካ ኣለና ዝብልዎ ጥራይ ዝፍጽሞ እንተነበረ፣ ሎሚ ግን ዋና ኮይኑ ክሳተፎ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ ዘድሊ።
እቲ ዝትከል ስርዓት ንገለ ክፋል ህዝብና ዝጎድእን ንገለ ክፋል ድማ ዘርብሕን ዘይኮነ ንኹሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ዘሳስን፣ መሰል ኩሎም ብማዕረ ዘኽብርን ክኸውን ከም ዘለዎ ምግባር፣ እቲ ዋና ሕመረት ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ኣለዎ።
ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ዓበይትን ለባማትን ተሰማዕትን ካብ ቤተ-ክህነትን ካብ መሻይኽን ከም ዝሕውስዎ ምግባር፣ ብዛዕባ ኣማሓዳድራ ሃገርን ህዝብን ኣፍልጦ ዘለዎም ለባማትን ምሁራትን ከም ዝሕወስዎ ምግባር እዝን ክንድዝን ብኣድማዕነት እንተተጌሩ ሃገርና ረጊኣ ማለት ኢዩ፣ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ መስፍን ጀርመን